# *ስርዓት ህግደፍ ፈጣርን መሳሰይን ተጻብኦታት።*

*መለኸቲ ስርዓታት ንገዛእ ርእሶም ከም ለባማትን ጎረሓትን ንካልኦት ከኣ ከም ግሩሃት ካብ'ዚ ሓሊፎም ከም ዓያሹ ናይ ምርኣይ ባህሪ ኣለዎም። እዚ ከም'ዚ ዝበለ እምነት፡ ኣካይዳ ኮነ ኣሰራርሓ ግን፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት እናተሃርመ'ዩ መጺኡ። ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ኣዝየን ውሑዳት ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ኤስያን እንተዘይኮይኑ ዳርጋ ብዓለም ደረጃ ተዳኺሙ'ዩ።*

*ኤርትራ ናብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ድሒራ ዝተጸንበረት ውልዶ ሃገር'ያ። ድሒራ ምጽንባራ ከቢድ ኣምበይም'ኾነን። ህዝባ ካብ ዝኸፈሎ ዋጋን ባህጉን ወጻኢ ክትመሓደር ምግዳዳ'ምበር።እቲ ሓርበኛ ህዝቢ ግዳይ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ተብለጽትን ምእዙዛቶምን ኮይኑ እነሆ ናብ ዘይምህላው የምርሕ ኣሎ። ስርዓተ ምልኪ ንጹር መለለይታት ዘለዎ፡ ሓላፍነት ብዘይስመየም ውሑዳት ጨፍለቕቲ ባእታታት ዝቕለስ'ዩ። ካብ መለለይታት ጨፍላቒ ስርዓት ጥሕሰት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል'ዩ። ብኩራት ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም፡ ሃገራዊ ባይቶን ደሞክራስያዊ ምርጫን'ዩ። ብኩራት ንጹር ማሕበረ ፖለቲቲካዊ ህይወትን ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ መደባት'ዩ። ብኩራት ተሓታትነት …ወዘተ'ዩ። መሳርሒ ናይ ስርዓተ ምልኪ ከኣ፡ ኣሉ ኣብ ክንዲ ሓቂ፡ ስግኣት ኣብ ክንዲ ማሕበራዊ ሰላም፡ ኲናት ኣብ ቦታ ምርግጋእ፡ ጽልኢ ኣብ ክንዲ ዕርቂ፡ ቅልጽም ኣብ ቦታ ምርድዳእ እዚኦም'ዮም መለለይታቱ።*

*ህዝቢ 'ምበኣር ብምኽንያት እዞም ዝተጠቕሱ ብኩራትን ንዓታቶም ተኪኦም ዝርከቡ መሳርሒታት ግፍዕን ጭቆናን ኣዝዩ ዘባህርር ዕለታዊ ህይወት'ዩ ዘሕልፍ ዘሎ። እቲ ናይ ውሑዳት ስርዓት ኣብ ስልጣን ክሳብ ዝሃለወ ካልእ ኣመራጺ የብሉን። ዝደለዮ ክመርጽ መን ምስ ኣሕረዮ? እዚ ብህግደፍ ዝፍለጥ ስርዓት ምልኪ ንትርጉማት ሓቂ፡ ቅንዕና፡ ደሞክራሲ ደፊሩ፡ መሰረታውያን መሰላት ዜጋታት እዛ ሃገር፡ ክሳብ ዝኣኸሎ ዕምቆት ትሕቲ መሬት ቀቢሩ፡ ብሓሶታት ናይ መራኽቢ ብዙሓን ክዕብለኹ ብምግባር እነሆ ርብዒ ዘመን ኣሕሊፉ።ሓደ ህዝቢ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ብኸምዚ ኣገባብ ክምራሕ ኣዝዩ ነዊሕ'ዩ። ስርዓተ ምልኪ ግን ብተግባሩ ዝስከፍ ኣይኮነን። ስለዚ ንዝቐደመ ሓሶታቱ ብዝደሓረ ሓሶታቱ እናሓደሰ ይምርሽ ኣሎ።*

*እዚ መላኺ ስርዓት ናብ ህዝብታት ኤርትራ ዘቕነዐ ፕሮፖጋንዳ ክፍኑ እንከሎ፡ ነቲ ውጹእ ሓሶታቱ ምስ ጃህራን ፈኸራን ምንእኣስን ኣሰኒዩ'ዩ። ዓመት መጸአ ይጀሃር፡ ይፍክር፡ የቆናጽብ፡ መብጸዓ ይኣቱ፡ ኣብ ባይታ ግን ወይከ ነቲ ዝበሎ ዘሰኒ ጭቡጥ ነገር ኣይረአን። መራኸቢታት'ዚ ስርዓት ብምኽንያት ምዝዛም ዓመተ 2016 እዚ ዝስዕብ ብምባል ዓይኒን እዝንን ዜጋታት ክደፍና ሃቂነን። ኦ ህዝቢ ኤርትራ፡ መንግስቲ ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ርኢኻዮ ዘይትፈልጥ መደባት ልምዓት ኣብ ኩሉ ዓውድታት የካይድ ኣሎ። ቀለም ናይ ተደጋጋሚ ሓሶታቱ ከይነቐጸ ከኣ ሃገር ኣብ ትሕቲ ከቢድ ተጻብኦታት ትርከብ ኣላ ክብላ ተሰሚዐን።*

*መደባት ልምዓት ብውጥን ክተሓዝ፡ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ብምልኣት ክዕወት እንተደኣ ኮይኑ፡ ናይ ግድን ሃገራዊ ሰላም፣ ሃገራዊ ደሞክራሲ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ክንግስ ኣለዎ። እዚ ስርዓት ግን ነዚ ኩሉ ሓቅታት ጎስዩ'ዩ ሓሶታት ዘስምዕ ዘሎ። ሎሚ ስእነት ቅሳነት ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ ዕለታዊ ፈተነ'ዩ። ጠንቂ ድማ ንሱ ማለት ጉጅለ ህግደፍ ደኣምበር ካልእ ኣይኮነን። ብዘይፍላጥ ወይ ብገለ መኻልፍ ዘይኮነ ኮነ ድማ ኮነ ኢሉ ንዘይ ሃገራዊ ሰላም ክሰርሕ ምጽናሑን ምህላውን'ዩ። እቲ ምሒር መግለጺ ንዕቀቱን ፖለቲካዊ ድኽነቱን ኣብ ምድሪ ኤርትራ ንግሆ ንግሆ ድምጺ መዳፍዕ ክሳብ ዘይተሰምዐ ሃገራዊ ሰላም ኣሎ ማለት'ዩ ምባሉ'ዩ። ሰራሕተኛታት ኮነ ተመሃሮ ኣድማ ክሳብ ዘይገበሩ፡ ሰራዊት ክሳብ ዘይኣደመ፡ ህዝቢ'ውን ክሳብ ዘይተቓወመ ሰላም ኣሎ ኢሉ ኣፉ መሊኡ ምክርኻሩ'ዩ። በዚ ዝተዓሻሾ ኤርትራዊ ግን ክንደየናይ?*

*ብናዲያ ናስር*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 18-01-2017